በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ወኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

# ኣድማሳዊ ተልእኾ ቤ/ክ፡

## ራእይ ቅ. ማርያም ቤተክርስትያን


ብቀሺ ዲበክሉ ላይነን

ዲ. ቴድሮስ ተስፋይን


ቅ. ማርያም፡ ኤርትራ ኦ.ተ. ቤ/ክ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ

ሚያዝያ 6/2008

# ኣድማሳዊ ተልእኾ ቤተክርስትያን እንታይ እዩ?

ናይ ቤተክርስትያን 1ይ ተልእኾ

"…ኪዱ ንኹሎም ኣህዛብ
ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን
እናጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ከኣ
እናመሃርኩም፡ ደቀመዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ
ክሳዕ መወዳእታ ዕለም ኩሉ መዓልት ምሳኻትኩም እየ።" ማቴ
28፥19-20

# ኣብ ውሽጢዚ ዓለም ለኻዊ ተልእኾ፣ ናትና ራእይከ እንታይ እዩ?

**ኣብ ፍልጠት ዝተሠረተ ጽኑዕ እምነት ዘለዎም ብዙሓት ምእመናን ምፍራይ።**

**ምእመናንና ውሉደ ክህነትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሓላፍነት ኮይንና ንዓዩ ዘሎና ኩላትና ኣብዚ ራእይዚ ስሙራት ኪንከወን ይግብኣና።**

**ኣብ ትግባሬኡ፡ ከከም ዓቕምና ዝተፈላለየ ርእይቶ ኪህልወና ንቡርዩ።** (ኣብነት፡ ሹድሽተ ሕዋሳት ዘሎዎ ሰብን ሜሽንን ኣብ ኣተገባብራ ነገራት ሓደ ኣይኮነን። ኣብ ፍርያቶም ግን ሓደ ይኾኑ።)

# ኣብ ፍልጠት ዝተሠረተ ጽኑዕ እምነት ዘለዎም ብዙሓት ምእመናን ምፍራይ።

## ስለምንታይ ፍልጠት?

❖ “ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ስለ ዝኣበኻ፡ ኣነ ድማ ካህን ከይትኾነኒ ኸኣብየካ እየ።” ሆሴእ 4፥6

❖ መሠረታዊ ሽግር ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፡ ድሕረት ትምህርቲ እዩ። ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ ኣሎ ዝብል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃል ንህልዉ ኩነታት ቤተክርስትያንና ገላጺ እዩ።

❖ *ኣብዚ ፍልጠት ዝገነነሉ ዘመን፡ ኣብ ርድኢትን ብቑዕ ትምህርትን ዘይተሰረተ፡ ብርቱዕን ጽኑዕን እምነት ኪህሉ ከቢድ እዩ።*

# እቲ ፍልጠትከ እንታይ'ዩ?

- ዘመናውን ኃይማኖታውን ትምህርትን የጠቓልል።
  - ቤተክርስትያንና ምስ ዘመናዊ ትምህርቲ ክትጉዓዝ ኣይጸነሐትን፤ ውጽኢቱ ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንርእዮ ኣሎና።
- እቲ ኃይማኖታዊ ፍልጠት ንገዛእ ርእሱ ድማ ኣብ ክልተ ይኽፈል።
  - ትምህርቲ ዶግማ
  - ትምህርቲ ቀኖናን እዩ።
- ዶግማ ምስ ድሕነት ወዲ ሰብ ዝተኣሳሰር ትምህርቲ እዩ፤ ቀኖና ድማ ስርዓት እዩ። ዶግማ ቀዳማይ ተልእኾ ቤተክርስትያንዩ፤ ቀኖና ከኣ ዶግማ ዝትግበረሉ ስርዓት ስለዝኾነ ምፍላጡን ምሕላዉን ግቡእ'ዩ።

# ስለምንታይ ብዙሓት ምእመናን?

- “ብዙሕ ፍረ እንተፈረ ኹም፡ ኣቦይ በዚ ይኸብር፡ ደቀ መዛሙርተይውን ክትኮኑ ኢኹም።” ዮሃ 15፥8
- ጽርየትን ብዝሕን ምእመናን ብኸመይ ኪርከብ ይኽእል?
- ሓድሽ ምህዞ ዘድልዮ ነገር ኣይኮነን። ብኸመይ ቤተክርስትያንና ንኣስታት 17 ክፍለ ዘመናት ጸኒዓ ጸኒሓትና? ዝብል ሕቶ እንተመሊስናዮ፡ እቲ ቅኑዕ መልሲ ኣብኡ ኣሎ።

# ጽርየትን ብዝሕን ምእመናን ብኸመይ ይርከብ?

❖ ብጸሎት፣ ብጾም፡ ብብቑዕ ትምህርትን ጉስነትን/ኣገልግሎትን/። ንሎሚ ኣብታ ዳሕረወይቲ ኣርእስቲ ኢና ከነቶኩር።

❖ ጉስነት/ኣገልግሎት እንታይ'ዩ? ብሕጽር ዝበለ።

- ❖ ቤተክርስትያን ከም ሽማ፡ ናይ ዕረፍቲ፡ ፍቕርን ሰላምን ቦታ ንኸትከውን ነፍሲ ወከፍና ገጊደና ምግባር
- ❖ ንምእመናን ስሩዕን ጽፉፍን ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት ምሃብ
- ❖ ኣብ ርእሲ ቅዳሴን (ጾምን ጸሎት)፡ መንፈሳዊ ህይወት ምእመናን ዘዐቢ፡ ብብእዋኑ ብቑዕ ትምህርቲ ምቕራብ (ስብከት፡ ትምህርቲ፡ ሰሚናር፡ ንመንእሰያት ሪትሪት/ፒክኒክ/ ...።

# ጽርየትን ብዝሕን ምእመናን ዘምጽእ ኣገልግሎት እንታይ'ዩ?

❖ውሉደ ክህነት ዝምልከት “ንኣረጊት ሰብኣይ ከም ነቦ ምዓዶ እምበር ኣይትዝብሓዮ። ነቶም መንእሰይ ከም ነሕዋት ምዓዶም። ንኣረገውቲ ኣንስቲ ከም ነዴታት፡ ነተን ንኣሽቱ ኣንስቲ ከም ከም ንኣሓት ጌርካ ብኹሉ ንጽህና ምዓደን።” 1 ጢሞ 5፡1-2

❖ንምእመናን ዝምልከት “እምበኣርሲ ከም ሕሩያት ኣምላኽን ቅዱሳንን ፍቁራትን ኴንኩም፡ ምሕረት ልቢ ለውሃት ትሕትና ዓቕሊ ትዕግስቲ ልበሱ። ንሓድሕድኩም እናተጻወርኩም...ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ይቕረ በሉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ኹሉ ፍቕሪ ማእሰር ፍጻሜ እያሞ ልበስዋ።” ቆሎሴ 3፡12-14

# ጽርየትን ብዝሕን ምእመናን ዘምጽእ ኣገልግሎት እንታይ’ዩ?

- ❖ ውሉደ ክህነትን ምእመናን ዝምልከት፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኩላትና ጸብለል ዝብለሉ/እትብለሉ ህያብ/ጸጋ ኣሎዎ/ዋ፡ ብኣኣ ጌሩ/ራ ብዘይ ተጕላባ የገልግል/ተገልግል “**As every man hath received the gift, [even so] minister the same one to another, <u>as good stewards of the manifold grace of God</u>” 1 peter 4:10**
- ❖ “ንሕና ብዙሓት…ብክርስቶስ ሓደ ስጋ ኢና፡ በብሓደ ግና ነንሕድሕድና ኣካላት ኢና።…በበይኑ ዝኾነ ውህበት ጸጋ ካብ ዚህልወናስ…ኣገልግሎት እንተኾይኑ ብኣገልግሎትና ንጽናዕ፡ ዚምህር እንተኾይኑ ብምምሃሩ ይጽናዕ፡ መዓዲ እንትኾይኑ ብምምዓዱ፡ ዚህብ ተገሪሁ ይሃብ፡ መራሒ እንተኾይኑ፡ ብትግሃት ይምራሕ፡ እቲ ዝድንግጽውን ብሓጎስ ይደንግጽ።” ሮሜ 12፡4-8

# ጽርየትን ብዝሕን ምእመናን ዘምጽእ ኣገልግሎት እንታይ'ዩ?

❖ዚህብ ተገሪሁ ይሃብ…ዕላምኡን ምዓልኡን ንዘይትኣምነሉ ነገር ብኸመይ ተገሪህካ ኪትህብ ይኪኣል? መራሕቲ ብፍላይ፡ ምእመንን ከኣ ብሓፈሻ ቤ/ክ ካብ ተልእኾኣ ከይትወጽእ ምሕላው ሓላፍነት ኣሎና።

❖ ቤተክርስትያን ክርስቶስ ኣብ ዝሃባ ተልእኾ እንተጸኒዓ፡ እቲ ህያብ ንኣምላኽ እምበር ንሰብ ኣይኮነን።

❖ "ሰብዶ ንኣምላኽ ኪሰርቆ ይኾነሉ እዩ? ንስኻትኩም ግና ሰረቕኩምኒ። ብምንታይ ኢና እሞ ዝሰረቕናካ? ከኣ ትብሉ። ብዕሽርን ብመባእን ኢኹም። ንስኻትኩም፡ ህዝቢ ብምሉኣትኩም ሰሪቕኩምኒ ኢኹም እሞ፡ ብመርገም ተረገምኩም። ኣብ ቤተይ ምግቢ ኪኽወንሲ ዕሽር ዘበለ ኩሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ፡ ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ ዘይከፈተልኩም፡ በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም፡ በዚ ተዓዘቡኒ፡ ይብል እግዚኣቤሔር ጎይታ ሰራዊት። ምድሪ ሓጎስ ኪትኮኑ ኢኹም፡…" ት. ሚልክያስ 3፡8-12።

❖ “ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።” 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3፤15።

ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።

# ክፉት መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን